# *ሓለፍቲ ኤርትራውያን ውዳበታት ኣብ ጀርመን፡*

# *ነቲ ሽወደን ኣብ ብግብረ-ሽበራውያን ዝተፈጸመ ገበን ኮኒኖም*

*ሓለፍቲ ኤርትራውያን ውዳበታት ኣብ ጀርመን ኣብቲ ብዕለት 02.03.2013 ዘካየድዎ ናይ ሓባር ኣኼባ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህንጻታት ኤርትራዊ ኮም ኣብ ስቶክሆልም ሽወደን ብግብረ-ሽበራውያን ንዝተፈጸመ ገበን ብምኹናን፡ ብግብርን ንዋትን ኣብ ጎድኖም ከምዘለዉ ዘረጋግጽ ውሳነታት ኣሕሊፎም።*

****************************

## *መልእኽቲ ኩነኔ ንሽበራዊ ተግባር*

## *ኣብ ልዕሊ ማሕበረ-ኮማዊ ኣዳራሻት ኣብ ስቶክሆልም ሽወደን፡*

ሎሚ 2 መጋቢት 2013፡ ንሕና ካብ 47 ከተማታት ሃገረ ጀርመን ዝተኣኻኸብና፡ ወከልቲ ኤርትራዊ ኮማዊ ውዳቤታትን ሃገራዊ ማሕበራትን፡ "ምህናጽ ዉሁድ ኮማዊ ሓይሊ" ብዝብል ቴማ ኣብ ከተማ ፍራክንፉርት ተጋቢእና ዘቲና።

በዚ ኣጋጣሚ፡ ነቲ ለይቲ ለካቲት 25 - 2013፡ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም፡ ኣብ ልዕሊ 3 ኣዳራሻት ኤርትራዊ ኮማት ዝተፈጸመ ግብራ-ሽበራዊ ስራሕ፡ ሓያል ኩነነና ነቕርብ ኣሎና። ሓይልታት ጸጥታ ሽወደንን መንግስቲ ሽወደንን፡ ዕቱብ ስጉምቲ ወሲዱ፡ ነዞም ናይ ሽበራ ገበነኛታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ከቕርቦም ከኣ፡ ብትሪ ንሓትት ኣሎና።

እዚ ሽበራዊ ስራሕ፡ ብሃንደበት ዝተበገሰ፡ ፍሉይ ተርእዮ ገርካ ዝረአ ዘይኮነ፡ ብስርዓት ወያነን ናይ ግዳም ዓንገልቱን መዋድይቱን፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ብስልጡን ባህሉ ዝልለለ፡ ኣኽባር ሕጊ ዝኾነ፡ ሓያል ውዳበ ዝውንን፡ ልዑል ዜጋዊ ሓላፍነት ዝሕላገቱን ግደታኡ ዚፍጽምን ኮም፡ ንነውሕ እዋን ኪጎሃሃር ዝጸንሐ እኩይ ጒስጓስ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት፡ ኣብ ልዕሊ ኮማትና ኪፍጸም ዝጸንሐ ስነኣምራውን ጎነጻውን ሽበራዊ ተግባራት፡ ኣትሪርና ንውግዝ።

ነቲ ብሃገራዊ ወኑን፡ ሓያል ውዳቤኡን ስልጡን ኣገባባቱን ዝፍለጥ ኤርትራዊ ኮም ኣብ ሽወደን ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ከተማ ስቶክሆልም፡ ካብኡ ናብኡ ከኣ፡ ኤርትራዊ ኮማዊ ውዳቤታት ሁስቢ፡ ሶልና፡ ደቡብ ስቶክሆልም፡ ኣብ ጎኖም ከምዘሎና እንዳገለጽና፡ ሙሉእ ደገፍና ነረጋግጽ።

ህያው ዝኽሪን ክብሪን ንሰማእታትና!<br>
ዓወት ንሓፋሽ!

ሓለፍቲ ኤርትራዊ ኮማዊ ውዳቤታትን ሃገራዊ ማሕበራትን - ጀርመን<br>
ፍራንክፉርት፡ 02 መጋቢት 2013